

# ባሕቲ መስከረም

ካብቀደም ንመልከት ንፍትሒ ዓለም
ንሕብሪ ታሪኽና ከጥፍኡ ብዘይቃልዓለም
ክንደይ ዘይፈተኑ ዕሱባት መልሚሎም
ህዝብና ክሹቕረር ብሕማቕ ብጥልመት
ዓድታት ክሐርሩ ህዝብናውን ክመውት
ኣየነይቲ ሃገር ነይራ ምሳና ዝቖመት
መዓልታዊ ከይንስጉም ክንዘልል ከይንኽእል
ብሓባር ጸኒዕና ከይንሐስብ ከይነስተውዕል
ክንደይ ሕማቕ ሪኢና ጥውይዋይ ዕንኪሊል
ሰብ ኢና ፍጡራት እዛ ከባብ ዓለም
ታሪኽና ፍሉጥ በቦታትና ዝነበረ ብቐደም
ንመሰልና ዓይንና ዘይነብል ፍጹም ሰመም
ይመልከትዎ ንፈላሚ ቃልስና መስከረም
እወ ባሕቲ መስከረም ብጣዕሚ ፍትውቲ
ንናጽነትና ዝወፈየት ወርቃዊት መዓልቲ
ፍረ ጽንዓትና ጽብቕቲ ለምለም ሰቲ
ንስድር ንስጉም ብሓባር ንቕድሚት
ክንበጽሖ ንደሊ ዋላይውሰድ ዓመት
ንራእይና ባዕልና ንሕንጽጽ ንእምት
ንዘክሮ ንመስከረም ንፈላሚ ቃልስና
ነቶም ክጎብጡ ዝመጹ ጸላእቲ ደምሲስና
ጸልማት ጠፊኡ ብርሃን ናጽነት ሪኢና
ሜዳ ጎልጎል ይኹን ሕማቕ ጸድፊ
ዝቐትል ይኹን ዋላ በሊሕ ሰይፊ
ጻዕርና ንጥቕምናዩ መፍትሕ ቁልፊ
ንርኣዮም ናይ ምዕራባውያን ሕማቕ ስራሕ
ብኤርትራዊነትና ከይንሰርሕ ምእንቲ ከይንምራሕ
ሐሶት ምስ ኣወረዩ ሐቂ ከምዘይወጽእ ጽባሕ
ንባዕሎም ክጥዕሞም ክፈላልዩ ከባእሱና ጥራሕ
ኣጽቢቕና ንፈልጦ ንቓልሲ መገድና
ንታዓጠቕ ንጽንዓት ክንረኽቦ ድልየትና
ሐባራዊ ቃልሲ ወሳኒዩ ንራህዋ ጥዕና
ባሕቲ መስከረም ምስክርመንነት ዓወትና
ከምህዝቢ ክነብር ክይንምዕብል ዘይደልዩ
ከምሰብ ከይንጽዋዕ ከምሃገር ዘይምነዩ
ስጉምትናን ሐቂ ስራሕናን ከምህሮምዩ
እዚ ኸኣ ዘይድምሰስ ጽኑዕ መጽሐፍ እዩ
ከምጎብየ ቀስ ኢልና ንሕምብስ ንኸይድ
ክዘልል ክቕልጥፍ ንዝደሊ ሰብና ንምዕድ
እምነትና ሐደዩ ፍሉጥ ርኡይ ጉሁድ
ብራእይናን ስራሕናን ንበዝሕ ንስውድ
ዓወትና ግድንዩ ጸላኢና ክኣምን ክግደድ

ዓወት ንሓፋሽ
ብርሃነ ገብረመስቀል
24.08.2008